**ዕለት 17/ 2/ 2016 ዓም**

መዘከር ኣባዲ ዘሞ ኣብ ፌስቡክ ፓስት ገይሩ ኣብ UMD ሚድያ፣ትግራይ ሆራይዝንን ራራ ሚድያ ፕሮግራማት ናብ ህዝቢ ዝቀረበ መበል 13 ክፋል ፅሑፍ ግብረ መልሲ፣

1. መእተዊ፤

ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕ ውድብ ህወሓት እንዳተመርሐ ብዘካየዶ መሪር ናይ 17 ዓመት ቃልሲ ኣብ ኣፍሪቃ ሓያል ዝበሃል ናይ ደርጊ ሰራዊት ከድምሰስ ገይሩ እዩ፣ድሕሪ ውድቀት ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ህዝቢ ትግራይ መሰሉን ክብሩን ተሓልዩሉ ክነብር፣ናይ ባዕሉ ክልላዊ መንግስቲ መስሪቱ ከመሓደር፣ቋንቋኡን ባህሉን ተሓልዩሉ ብሰላም ክነብርን ናይ ልምዓት ተስፋን ዋሕዋሕታን ረኺቡ ክንቀሳቀስ ዝጀመረ ነይሩ፣ፋሽሽታዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ብደም ህዝቢ ትግራይ ዝተተኽለ ዲሞክራሲያዊ ሕገመንግስቲ ብዘይኣዋጅ ኣፍሪሱ ህዝቢ ትግራይ ብመስዋእቱ ዘረጋገፆ መሰልን ክብርን ክግህስ ኢሉውን ከምህዝቢ መጠን ንምፅናት ምስመላፍንቱ ሰራዊት ሻዕብያን ኣምሓራ ልዩ ሃይልን ፋኖን ብምኺን ዘካየዶ ጭካነ ዝተመልአ ጀኖሳይድን ግፍዓዊ ወራርን ተወዳዳሪ ዘይብሉ እዩ፣ህዝቢ ቅልዓ ሰበይቲ፣ህፃን ሽማግለ ከይበለ ብጅምላ ከጭፍጨፍ ገይሩ ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፍለጥ ጭካነ ፈፂሙ እዩ፣ኣብሕድሕድ ገዛን ስድራቤትን እንዳኣተወ መናእሰይ ኣብደገኣፎምን ኣብ ቅድሚ ወለዶምን ብግፍዒ ክቅተሉ ገይሩ፣ህፃን ሽማግለ፣ጥኑሳት፣ሓራሳት፣ኣቅሽቲ፣መነኮሳት፣ሸኻትን ከይበለ ብጅምላ ጨፍጪፉ፣ደቀንስትዮ ብዕስለ ሰራዊት ሻዕብያ፣ሰራዊት ብልፅግናን ኣምሓራ ልዩሃይልን ፋኖን ተደፊረን ኣሰቃቂ ግፍዒታት ከበፅሐን ገይሩ፣

ካብ ትግራይ ጠቅሊሉ ቅድሚ ምውፅኡ ዝነበሩ ፋብሪካታትን ትካላትን ኣዕንዩ፣ናይ ትእምት ትካላትን ናይ ብ/ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቢሮታትን ማሽነሪታት፣ተሽከርከርቲ፣ዝተፈላለዩ ንብረታት ብሞውራር ናብ ክልል ኣምሓራ ን ኤርትራን ተወሲደሞ ተበታቲኖም ከጠፍኡን ብምግባር ንብረት ህዝቢ ትግራይ ክበሳበስ ገይሩ እዩ፣፣ኣብ ከተማታት ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ናይ ህዝቢ ንብረታት ዝኽኣሎ እንዳወሰደ ዘይክኣሎ ከቃፀልን ከበሳበስን ብምግባር ሰፊሕ ጉድኣት ኣብፂሑ እዩ፣

እዚ ልዕል ክብል ዝተጠቀሰ ግፍዒን ጭፍጨፋን ብዓይኑ ዝረአየ መንእሰይ ትግራይ ካብምቅላስ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ ከምዘየለ ተረዲኡ ብኣሽሓት ናብ ታዕሊም ብምጉራፍ ኣብ ሓፂር ጊዜ ጠንካራ ሰራዊት ተሃኒፁ ሰራዊት ሻዕብያን ሰራዊት ፋሽሽታዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድን ከምክት ክኢሉ፣መከላኸሊ ሰራዊት ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተካየዱ ወፍርታትን ውግኣትን ንፀላኢ ደምሲሱ ዓብይቲ ዓወታት ዘመዝገበ እንትኾን ሰራዊትና ካብቶም ዝተፈላለዩ ውግኣት ዝረከቦ ልምዲ ተበጊሱ ዘድሊ ውዳበን ምድላውን ገይሩ ዘካየዶ ወፍሪ ኣሉላ መጥቃዕቲ ፀላኢ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ከማረኽን ሒዝዎ ዝነበረ ከበድትን ማእኸለዎትን ቀለልትን ብረታትን ኣረኪቡ ዝምተ ምይቱ ኢዱ ክህብ ዝተገብረ ዝተወሃሃደ ስራሕ ንልፍንታዊ ሓይልታት ዘደንፀወ ንመላዕ ዓለም ድማ ዘስደመመ ስርሒት ነይሩ፣ካብዚ ንደሓር ሰራዊት ትግራይ ፈፂሙ ከሰዓር ከምዘይኽእል ፀላእቲ ይኹን ፈተውቲ ብዕሊ ክፈልጡ ዝኽኣሉሉ ኩነታት ተፈጢሩ ፀላኢውን መማረፂ ስለዘይነበሮ ትግራይ ጠቅሊሉ ክወፅእ ተገዲዱ፣ኣብ በረኻ ዝነበረ ብ/ክልላዊ/መንግስቲ ትግራይ ምምሕዳር፣ ህዝብን ሰራዊትን ናብ መቐለ ክምለስ ኣኺኢሉ፣

2. መዘከር ኣባዲ ዘሞ ሹመይ እንዳጠቀሰ ዘቕረበም መፀለምታን ውንጀላታትን ብዝምልከት ዝቀረብ መብርሂ፣

2.1. መዘከር ኣባዲ ዘሞ ሹመይ ጠቂሱ ካብዘቕረበም ውንጀላታት ሓደ " ኣብ ትግራይ ፓለቲካዊ ውድቀት ዓብይ ቦታ ዘለዎ ሃይለ ሊባኖስ ኮይኑ ትረኽቦ" ዝብል እዩ፣

ሰራዊት ፋሽሽታዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ሞስ ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ፣ኣምሓራ ልዩ ሓይልን ፋኖን ካልኦት መላፍንቶምን ብምኽን ህዝቢ ትግራይ ንምብራስ ኢሉውን ክምህዝቢ መጠን ካብምድረ ገፅ ንምጥፋእ ዘካየዶ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣብዓድን ወፃኢን ዝርከብ ትግራዋይ ኣብመኸተ ተሰሊፉ ህዝቢ ትግራይ ንምድሓን ተረባሪቡ እዩ፣ብወገነይውን ካብሃገረ እንግሊዝ ናብ ትግራይ ብምካድ ኣካልዚ መኸተ ኮይነ ብ/ክ/መ/ትግራይ ዘውፅኦ መደብ ንምፍፃም ተንቀሳቂሰ እየ፣ወራር ፋሽሽታዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ንምምካት ኣብዝተገብረ ምንቅስቃስ በቲ ክልልላዊ መንግስቲ ዝተጣየሸ ውዳበ ንብረት ምብላይዘሸን ታስክ ፎርስ መተሓባባሪ ኮይነ እብዝተንቀሳቀሰኩሉ እዋን ብፀላኢ ተወሪሩ ዝነበረ ናይ ትእምት ትካላት፣መንግስቲ ትግራይን ካልኦት ትካላትን ንብረታት፣ክምኡውን ነቲ ውግእ ዝድግፍ ንብረት ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ፀላኢ ቦታታት ብምጥርናፍ ኣብጥቅሚ ክውዕሉ ተገይሩ እዩ፣እዚ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ኣድካሚ ስራሕ ብህልኽን ተወፋይነትን ኣባላት ታስክ ፎርስ ዝተፈፀመ፣በብኸባቢኡ ውዳበታት ብምፈጣር፣ መደባት ብምውፃእን ብምግምጋምን ብኽትትል ነናይ ደረጅኡ ኣመራርሓ ኣካላት ክፍፀም ዝተገብረ፣ኣብመወዳእታውን መጠቃለሊ ገምጋም ብምክያድን በዚ ኣካል ዝተዳለወ ሪፓርት ናብ ዝምልከቶ ማ/ኮማንድ ብምቕራብ ቢሮ ሓለፍቲ ማ/ኢኮኖሚ ኣባላት ኣብዘለዉዎ ክግምገም ተገይሩ ዕውትን ውፅኢታዊን ስራሕ ከምተሰርሐ ዝተረጋገፀሉ ነይሩ፣

እዚ ልዕል ክብል ዝተጠቀሰ ስራሕቲ ንማንም ኣብመኸተ ዝተሳተፈ ትግራዋይ ዘሕጉስ ክኾን እንዳተገብአ መዘክር ኣባዲ ዘም ግን ሕንኽ ክይበለ ዘሕፍር መፀለምታ ክቅርብ ክኢሉ ኣሎ፣እዚ ዕውት ናይ መኸተ ምንቅስቃስ ፋሽሽት ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድን ክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራ ሽማሽም እንዳሃቡ ከኹንንዎ ዝፀንሑ እዮም፣ሕዚ ድማ መዘክር ኣባዲ ዘሞ ኣውያቶም ዝደግም ፅሑፍ ሒዞ ወፂኡ መዘራረቢ ኮይኑሎ፣

2.2. ምስወ/ሮ ፈትለወርቅ ገረዚሀር ዘለዎ ቅርበት ተጠቂሙ ዓበይቲ ምጥፍፉኣትን ገበናትን ካብዝፈፀሙ ሰባት እቲ ብቀዳምነት ዝስራዕ ሃይለ ሊባኖስ እዩ ነይሩ ብምባል ካብኮምቦልቻ ዝመፅእ ነዳዲ ናብ ዕዳጋ ኣውፂእዎ ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ ዝብል መፀለምታ ኣቅሪቡሎ፣

ከምቲዝፍለጥ ሰራዊት ኣብይ ኣሕመድ ካብ መሬት ትግራይ ጠቕሊልካ ንምውፃእን ተገዲዱ ናብ ዘተ ሰላም ክኣቱ ንምግባር መጀመርያ ወፍሪ ኣዴታት ቅፂሉ ድማ ወፍሪ ፀሓይ ብራቅ ተኻይዱ ኣብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ሰፊሕ ምንቅስቃስ ተኻይዱ እዩ፣ጀግና ሰራዊት ትግራይ በብኽተምኡ ዝረኸቦ ነዳዲ ነቲ ኩናት ክጥቀመሉ ተገይሩ እዩ፣ኣብ ኮምቦልቻ ዝተረኸበ ነዳዲውን ብዝዓበየ ኣብ ኩለን ግንባራት ምስ ፀላኢ ይረባረባ ዝነበራ ኣሃዱታት ብግቡእ እንዳተመዝገበ ይከፋፈል ዝነበረ እዩ ነይሩ፣ንመኸተ ስራሕቲ እንዳተባህለ ናብትግራይ ዝለኣኽ ነዳዲውን በብግዚኡ እንዳተመዝገበ ክትትል እንዳተገበረሉ ዝጎዓዝ እዩ ነይሩ፣ ዋላ ኣብቲ ፅጉም ኩነታትውን እንተኾነ ነዳዲ ብሰነድ እንዳተመዝገበ ይወፅእ ምንባሩን ንመነመን ከምተዓደለን ናበይ ከምዝኸደን ኦዲት ዝተገብረን ብምኻኑ ነዳዲ ብቦጥ ተፃዒኑ ናብ ዕዳጋ ዝወረደሉ ኩነታት ኣይነበረን፣ስለዚ እዚ ብመዘክር ኣባዲ ዘም ዝፀረበ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣብ ፍፁም ሓሶትን ፈጠራን ዝተመስረተ ውንጀላ ኮነይልካ ንፁህ ስብ ንምውንጃልን ንምጥቃንን ዝተገብረ ውዲት ምኻኑ ንምርድኡ ዘፀግም ኣይኮንን፣

2.3. መዘክር ኣባዲ ዘሞ ጀነራል ወዲመድህን ንጀነራል ፈስሃ ማንጅስ ተኪኡ ናብ ሱዳን እንትለኣኽ ሃይለ ሊባኖስ መጠኑ ክንደይ ምኻኑ ኣብሰነድ ዝተመዝገበ ናይ መንግስቲ ትግራይ ኩንታላት ውርቂ ተሸኪሞም ናብ ሱዳን ኣቅንዑ ኢሉ ዘቕረቦ መፀለምታ ፣ብተወሳኺ ሃይለ ሊባኖስ ነተን ናይ ህዝቢ ወርቂ ሒዞ ጠፊኡ ኣብለንደን ክልተ ዓበይቲ ገዛውቲ ገዚኡ ይነብር ኣሎ ዝብል ዘረባ ሰሚዐ ኢሉ ካሊእ ኣብ ፈጠራ ዝተመስረተ መፀለምታ እቅሪቡሎ፣

እዚ ኣብ ፈጠራን ፍፁም ሓሶትን ዝተመስረተ ኮነይልካ ንፁህ  ሰብ ናይ ምውንጃል ክይዲ  ኮነ ተባሂሉ ዝተኣልመ ምኽነ ዘጠራጥር ኣይኮነን፣ብዝኾነ ኣነ ናብ ሱዳን ሒዘዮ ዝኸድኩ ወርቂ ወይ ካሊእ ንብረት ኣይነበረን፣ኣብለንደን ክልተ ዓበይቲ ገዛውቲ ገዚኡ ይነብር ኣሎ ሰሚዐ ዝብልውን ኮነይሉ ባዕሉ ዝፈጠሮን መሰረት ዘይብሉን ውንጀላ እዩ፣

2.4. ኣብ ናይ ሰላም ኣስከባሪ ስራሕ ኣብ ሱዳን ዝትንቀሳቀሱ ነባራት ተጋደልቲ ተተኮስቲን ጥይትን ብፀሊም ዕዳጋ እንዳገዝኡ ፅቡቅ ስራሕ ይሰርሑ ዋላኳ እንተነበሩ እቲ ዕደጋ ብኒወዲመድህንን ሃይለ ሊባኖስን ንኽኸውን ተኣዚዙ ኢሉ ዘቅረቦ ንሕና ኣብ ሱዳን ኣብዝነበርናሉ እዋን ናይውግእ መሳርሒ ይኹን ጠያይቲ ኣይገዛእናን፣ ን ሓደ ቻይናዊ ናይ መሳርያ ደላላ ናብ ኣካውንቱ 10 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ ተገይሩሉ ነቲ ቅርሺ ሒዙ ጠፊኡ ኢሉ ንዘቅረቦውን  ብወገነይ  ዝፈልጦ ነገር የለን  ፣

2.5 ኣብ መኾኒ ተዓጉደን ዝነበራ ብሰራዊት ትግራይ ዝተመንዝዓ ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ዘመሓደድር ዝነበረ ሃእለ ሊባኖስ  እንትኾን  እዘን ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን  ናብ መቐለ እንትጎዓዛ ኣብ መገዲ ጠጠው እንዳበላ ይኣብያ ብምንባረን  ሰፊሕ ናይ ስቴር ታርት  ስርቂውን  ይካየድ ብምንባሩ  ንኡስ ገምጋም ተኻይዱ ክፃረ  ኣብዝተባህለሉ እዋን  ሃይለ ሊባኖስ ናብ ካሊእ ስራሕ ክኸድ ተገይሩ ኦዲት ከይተገብረ  ተሪፉ  ዝብል  ብፈጠራ  ዝተቀነባበረ  መፀለምታ  ኣቕሪቡሎ፤ይኹንምበር  ኣብ  መኾኒ ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ዘመሓድር( ኦፐሬሽን፤ንብረት ምምሕዳር፤ፅገና  ስራሕቲ) ዝከታተልን  ባዕሉ ዝኸኣለ ውዳበ ተጣይሹ ስራሕቲ በግባቡ ክካየድ ዝፀንሐ ስለዝኾነ እዚ መፀለምታ መፈናፈኒ  ቦታ ዘለዎ ኣይኮነን፤

3. መጠቃለሊ፣

ሃናፃይ ነቀፌታ /Constructive Criticism/ሰባት፣ውዳበታት ኣብምንቅስቃሶም ዘርእይዎ ጉድለታት ንምእራም፣ንቅድሚት ተወሰኽቲ ጉድለታት ከይድገሙ ንምክልኻል ዝጠቅም፣ኣብቅንዕናን ተገዳስነትን ዝምስረት ሓልዮት ዝተመልአ ተበግሶ እዩ፣ሃናፃይ ነቀፌታ ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ኣብጭቡጥን ርግፀኛን መረዳእታ ተመስሪቱ ሽግራት ንምፍታሽን ንምፍታሕን ዘጉልግል መሳርሒ እዩ፣ብኣንፃሩ ኣዕናዊ ነቀፌታ /Destructive Criticism /ሰባት ውዳበታት ኮነይልካ ንምጉዳእንተቀባልነት ከስእኑ ንምግባር ካብ ጭቡጥ መረዳእታን ሓቅታትን ዝረሓቀ ኮነተባሂሉ ዝቀንባበርን ዝካየድን ወፍሪ እዩ፣ዘይኮኑ ሓበሬታታን ሓሶታትን ደጋጊምካ ብምቅራብ ኣብ ሰባት ኮነተባሂሉ ሓደ ስእሊ ክፍጠር ምንቅስቃስ/Creative Posturing /ምክይድ ሓደ መግለፂኡ እዩ፣

እዚ ኣብ ፈጠራ/Fictitious or Fiction /ዝምስረት  ነቀፌታ ኮነተባሂሉ ሰባት ውዳበታት ንምጉዳእ ብዕላማ ወይ ብትልሚ ዝካየድ ምንቅስቃስ ሓላፍነት ዝጎደሎ ምንቅስቃስ እዩ፣መዘከር ኣባዲ ዘሞ ሃይለ ሊባኖስ ኣመልኪቱ ደጋጊሙ ዘቅርቦም ውንጀላታት ካብ ክልቲኡ ምንቅስቃሳት ኣበየናይ ደምበ ይስራዕ ንዝብል መልሱ ግልፂ እዩ፣ናይ መዘከር ነቀፌታ ኣብ ኣዕናዊ ነቀፌታ ከምዝስራዕ ካብ ብተኸታታሊ ዘቅረቦም መፀለምታታት ተበጊስካ ብቀሊሉ ክብፃሕ ዝከኣል እዩ፣እቲ መልሲ ዘድልዮ ዋና ጉዳይ ግን መዘከር ኣባዲ ዘም ንምንታይ ናብዚ ከምዚ ዝበለ ርካሽን ኣዕናዊን ተግባር ክኣቱ ኸኢሉ ዝብል እዩ፣ኣብዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ሰለስተ ሓሳባት ክቀርቡ ይኽእሉ እዮም፣

1. ዝርኣዩ ጎደሎታት ከእረሙ፣ ሽግራት ክፍትሑ፣ሰባት ክህነፁ ፣ተገዲሱን ተሰሚዕዎ ዝገብሮ ዘሎ ክኸውን ይኽእልዩ፣

2. በቲ ዘካይዶ ስራሕ ሽምን ዝናን  ከረክብ ስለዝደለየ ክኸውን ይኽእል፣

3. ብገንዘብ ተገዚኡ ናይ ፀላኢ መሳርሒ ክኾን ስለዝኽኣለ ዝብሉ ሓሳባት ክቀርቡ ይኽእሉ እዮም፣

መዘከር ኣባዲ ዘዎ መላእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ሃገራዊ ሓዘን እንዳሃለወ ስዉኣትና ዝገደፉሉ ሓደራ ጠሊሙ ብተኸታታሊ ከቅርቦም ዝፀንሐ መፀለምታታትን ውንጀላታትን ጎደሎታት ከእርም ብዘለዎ ባህጊ ከኸውን ኣይኽእልን፤ኣብ ከቱር ሓሶትን መፀምታን ዝተመስረተ ውንጀላ ጎደሎታት ንምእራብ ተባሂሉ ዝካየድ ስናይ ተግባርውን ኣይኮንን፤እዞም ከቅርቦም ዝፀንሐ ነንባዕሎም ዝላተሙ ሓሳባትን መፀለምታታትን ውን ፅባሕ ንጉሆ ከምዝቃልዕ ስለዝፈልጥ ውርደት እምበር ክብርን ዝናን ከምዘይምነ ሕሊንኡ ኣፀቢቁ ዝፈልጦ እዩ፤በጠቓላሊ መዘከር ኣባዲ ዘሞ ካብዘለዎ ድሕረባይታ ተበጊሱካ ሃናፃይ ነቐፌታ ንምቕራብ ወይ ውልቀዝና ንምርካብ ብዝብል ዝገበሮ ምንቅስቓስ ከምዘይኸውን ግልፂ እዩ፤

ኣብዚ እዋንዚ ፋሽሽትዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ኣጣይሽዎ ዘሎ ሕቡእ ውዳበ ኣብ ሕወሓት ቅሬታ ዘለዎም ኣባላት፤ኣብ ሰራዊት ቅሬታ ዘለዎምን ዝኾረዩን ኣባላት ወዘተ ኣኻኺቡ ወዲቡን መደብ ሂቡን ኣዋፊሩ ከምዘሎ ዝፍለጥ እዩ፤ ኣብ መራሕቲ ህወሓት፤ኣብ ናይ ትግራይ ምንቅስቃስ ዝነጥፉ ምሁራትን ፓለቲካ ሰባትን ምክፍፋላት ከፍጠር፤ህዝቢ ኣብ ኣመራርታተቱ እምነት ከስእን፤ ተደጋጋሚ ሕቶታት እንዳልዓለ ናብ ዓመፅ ከሰጋገር ንምግባር ባጀት ተመዲቡ ብዕሊ ምንቅስቃስ ተጅሚሩሉ ዘሎ ጊዜ እዩ፤መዘከር ኣባዲ ዘም ኣንፃር ሙራሕቲ ሕወሓትን ናይ ዕላማ ፅንዓት ዘለዎም ወገናትን የካይዶ ዘሎ ዘመተ ናይዚ ብፋሽሽታዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ተተሊሙ ኣብምንቅስቃስ ዝርከብ እኩይ መደብ ኣካል ከኸውን ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኾንን፤

4፤ ሓበሬታ ነዚ ብመዘከር ኣባዲ ዘሞ ዝቐረበ መበል 13 ፅሑፍ ተቐቢሎም ናብ ህዝቢ ዘቕረቡ ናይ ሚድያ ኣካላት፤

እዚ መልሲ ንመዘከር ኣባዲ ዘም ተባሂሉ ተዳልዩ ዘሎ ፅሑፍ ከም UMD ሚድያ፡ራሪ ሚድያ፣ትግራይ ሆራይዝን ወዘተ ዝበሉ ሶሻል ሚድያታት መጀመርያ ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ክሓትዎን ከፃርይዎን ዝነበሮም ነገራት ከምዝነበረ ዘዘኻኽር ከኾን እዩ ዝብል ግምት ኣለኒ፣ እቲ ፅሑፍ መቕረቢ ተፈጢሩ ንዝብሎ ሽግር ወይ ኣሎ ንዝብሎ ጉድለት እኹል መረዳእታ ብግልፂ ከቀርብ ክሕተት ይግባእ ነይሩ፤ መረዳእታ ከቕርብ ዘይኽእል እንተኾይኑ ተኣማንነት ናይቲ ዝቀረበ ፅሑፍ ኣብሕቶ ክኣቱ ዝግባእ ስለዝኮነ ምፅራይ ከይተግብረሉ ናብ ህዝቢ ምቕራብ ኣይምተገብአን ነይሩ፤ ፤ተኣማኒነት ዘይብሉን ምንም መረዳእታ ከቕርበሉ ዘይኽእል ፅሑፍ ናብ ህዝቢ ቀሪቡ ዘየድሊ ስምዒት ከፍጠር ምግባር ሓላፍነትካ ምርሳዕ እዩ ዝኸውን ፤ኣብዚ ጉዳይ ናይቲ ትካል ተኣማንነት /Integrity and Neutrality / ምሕላው ቀዳምነት ከወሃቦ ዝግባእ ነይሩ ፤

5፡መዘኻኸሪ ንመሪሕነት ህወሓት

ኣብ እዋን ኢህኣዴግ ኣብልዕሊ ህውሓትን ህዝቢ ትግራይን ዝካየዱ ዝነበሩ ወፍርታት፤መሰለምታታት፤ብግዚኡ ግቡእ መልሲ ከይተዋህበሎም፤ግቡእ ቃልሲ ከይተገብረሎም ምሕላፉ ፤ሓሶታት ሓቂ እንዳመሰሉ ከይዶም ኣብ መወዳእትኡ ከቢድ ዋጋ ኣኽፊሉና ሓሊፉ እዩ፤ሕዚውን እንተኾነ ሰረዊት ፋሽሽዕታዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ፤ሰራዊት ሻዕብያን ኣምሓራ ልዩ ሓይሊን ፋኖን ንምምካት ኣብዝተኻየደ ርብርብ ኣብ ልዕሊ ውድብ ህወሓት፤መራሕነት ህወሓትን ካድረታቱን ዝቐርቡ ነቐፌታታት፤ቅሬታታት፤ከምኡውን ኣብ ቂምን ፈጠራን ዝተመስረቱ መፀለምታታት ንምምካት ኣብ ፅርየት ዝተመስረተ ሓድነት ኣረጋጊፁ ነቲኩነታት ዝምጥኑ መድረኻት ብምድላው ኣኼባታት ብምግባር፤ሓበሬታን መልሲታትን ብምሃብ ምትእምማን ከፍጠር ዘይገብር እንተኾይኑ ተወሳኺ ዋጋ ከኽፍለና ከምዝኽእል ኣቕዲምካ ምርዳእ የድሊ፤

ክብርን ምጉስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፡

ሃይለ ሊባኖስ ወ/ሚካኤል

ለንደን

